# ንሓቀኛን ንቅኑዕን ናብ ገምገም
# ክደፍእ ዝመጸ ተንኰለኛ ገምጋም

**(መልሲ ንሓው ዑመር መሓመድ)**

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**

**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**

**08.10.2004**

ሓው ዑመር መሓመድ፡ ካብ ሃገር ሆላንድ፡ ነቲ ኣፈ ባይቶ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ "ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓድነት ትማልን ሎምን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘቕረቦ ሓተታ ኣመልኪቱ ዘንበሮ ትዕ ዝብትታት ብዕለት 03.10.2004 ኣብ መርበብ ኢንተርነተ ዓዋተ ዶት ኮም ሰፊሩ ነይሩ።

ሓው ዑመር መሓመድ፡ ብዛዕባ ሃገራዊ ሓድነትን ጉባኤታት ብዝምልከት ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ምስ ዝሃቦ ታሪኻዊ ገምጋም ከምዘይፈላለ ገሊጹ። ነዚ ገምጋምዚ፡ ምስቲ ድሒሩ ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘጋጠመ ምፍንጫል ንምዝማድ ብተጋዳላይ ኢብራሂም እተገብረ ፈተነ ግን ጌጋዩ፡ ክብል ነቒ ፍዎ። ምኽንያታቱ ከብርህ እንከሎ ድማ፡-

"ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ንበሊሕ ዝኾነ ቅልውላው ተቓሊዑ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ነቲ ውድብ ዳርጋ ኣብ ምሉእ ልምሰት ዘብጽሐ፡ ዓሚቝ ጋግ ኣብ መንጎ መሪሕ ነትን መሰረታትን ተፈጢሩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ከም መውጽኢ ካብቲ ቅልውላው፡ መሰረታት ውድብ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ክግበር ጻውዒት ኣቕሪቡ። መሪሕነት ግን፡ ነዚ ጻውዒትዚ ኣወንታዊ መልሲ ኣይሃበሉን። እቲ ቅልውላው ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ድሕሪ ምብጻሑ ድማ፡ ገለገለ ኣባላት መሪሕ ነት ኣብ ጐድኒ መሰረታት ደው ከምዝበሉን፤ ሃገራዊ ጉባኤ ብቕልጡፍ ክግበር ከምዝጸውዑን ኣወጁ። እቲ ንውድብ እተቆጻጸሮ ሸነኽ መሪሕነት ግን፡ ንምክያድ ናይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጽውዕ ጠለባት ዕሽሽ በሎ። በዚ ምኽንያትዚ፡ ብዘይካ ምፍንጫል ካልእ ዝተረፈ መወጽኦ ኣይነበረን። በዚ ኣገባብ ድማ፡ ታሪኽ ንገዛእ ርእሱ ደጊሙ ጥራሕ ዘይኰነስ፥ ብኣንጻር ናይዝን፡ ናይቲ ኢብራሂም ንምክያድ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣካቢብዎ ነይሩ ኢሉ ኣብ መእተዊኡ ዝጠቐሶ ኩነታትን፡ ከምኡ ውን፡ ግደ ናይቶም ጉባኤ ኻይካየድ ዕ ንቅፋት ዝፈጥሩ ዝነበሩ ገለገለ ኣባላት መሪሕነትን፥ ጉባኤ ኻ ይግበር ሕጂ ውን መሪሕነት ዝፈጸሞ ዕንቅፋት ታሪኻዊ ጌጋ ምንባሩ ኢብራሂም ክእመነሉን ፤ ንምፍንጫል ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምቹእ ኩነታት ዝፈጠረ ምኺኑ ክቕበልን ኢዩ ዝግብኦ ዝነበረ።

ተጋዳላይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ከም ኣቦ መንበር ናይቲ ሓጋጊ ባይቶ መጠን፡ ብዛዕባቲ ጉባኤ ንምግባር ዝቐርብ ዝነበረ ጠለባት ገለ ነገር ንምግባር መሰረታዊ ግደ ክጻወት ዘኽ እሎ ሓላፍ ነትን ቦታን ነይርዎ። እንተኾነ ግን፡ ብዘሕዝን ኣገባብ ኣብዚ ዕማምዚ ፈሺሉ።

ግዜ ከኣ ኣብቲ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ እተፈንጨለሉ ኣጋጣሚ ደው ስለዘይብል፡ ሓደ ሸነኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝብል ስም ሒዙ ክተርፍ እንከሎ፥ እቲ

ካልኣይ ሸነኽ ከኣ፡ ጕዕዞኡ ብምቕጻል ውድባዊ ጉባኤኡ ኣካይዱ። ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪሕነት መሪጹን፥ ነዚ መድረኽዚ ዘንጸባርቕ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኡ ወኒኑን ዝልለየሉ ስም መሪጹን” በለ።

ብቐ ዳምነት ሓው ዑመር መሓመድ ኣብቲ ተጋዳላይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ዝሃቦ መሰረታዊ ታሪኻዊ ገምጋም ምስምማዑ ከነመስግኖን፤ ብዙሓት ነቲ ጽሑፍ ዘንበቡ ዜጋታት ድማ፡ ንገምጋም ብጻይ ኢብራሂም ኣድናቖቶምን መጕሶምን ከምዝገለጹ ውን ክንሕብርን ንፈቱ። ኣስዒብና፡ ኣብቲ ዝሰንዘሮ ወቐሳታትን ነቐፌታታት ዘሎና ትዕዝብቲ ድማ እንሆ ነቕርቦ።

ቀዳማይ፡- ሓው ዑመር መሓመድ፡ ነቲ ልዕሊ ሓደ ዓመት ዝገበረ ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘጋጠመ ዳሕረዋይ ናይ ምፍንጫል ተረኺቦ፥ ኣብ መንጎ መሪሕነትን መሰረታትን እተረኽበ ምፍን ጫል ኢሉ ክገልጾ ምፍታኑ ከይገረመናን ከየሕዘነናን ኣይተረፈን። ከም ኣብ መሪሕነት ንነዊ ሕ እዋን ዝጸንሐ ባእታ ድማ፡ ከምዚ ባዕሉ ዝገለጾ ዝዓይነቱ ምፍንጫል ኣብ ተሓኤ ቀደም ይኹን ሕጂ ከም ዘየጋጠመ፡ ግን ናይ “መሰረታት”፡ “ናይ ሰራዊ ት ሓርነት” ዝብል ንምፍንጫል ንምርጓድ ዝግበር ቅጽል ኣስማት ምጥቃም፡ ዋላኳ ሓውና ዑመር ኣይፈልጠንዩ ዝብል ዕግበት እንተዘይብልና፡ ሓድሽ ስልቲ ከምዘይኰነ ከይኣመትናሉ ክንሓልፍ ኣይንፈቱን።

እቲ ድሒሩ ብ2003 ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘጋጠመ ምፍንጫል፡ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዘጋጠመ ምፍንጫላት ንመሪሕነትን መሰረታትን ኣብ ክልተ ዝኸፈለ ተረኺቦ ኢዩ ነይሩ። ምስ ክልቲኡ ሸነኻት ናይቲ ምፍንጫል ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ምህላዎም፡ ድሮ ጽሓይ ዝወቕዖ ምስጢር ስለዝኾነ፥ ሓው ዑመር ብንጽህና እንተተበጊሱ ኽኽፈልጦ ክሳዕ ክንድዚ ዝኣክል ግዜ ክወስደሉ ኣይግባእን ነይሩ። ሕጂ ውን እንተኾነ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ክንደይ ኣባላት መሪሕነት ነይሮሞ? መን ካብ መሪሕነትከ ኣበይ ኣሎ ምሕታት ጥራሕ፡ ናብቲ ሓቂ ከብጽሕ ዝኽእል ብዙሕ ጻዕሪ ዘይሓትት ጕዳይ ስለዝኾነ፡ ሕጂ ውን፡ ሓቲቱ ሓቂ ኽኸፈልጥን፤ እቲ ምፍንጫል ኣብ መንጎ መሪሕነትን መሰረትን ኢዩ ካብ ዝብል ግጉይ ሚዛናቱ ክእረምን ምኽርና ንልግሰሉ።

ካልኣይ፡- ጉባኤ መኣስን ብኸ መይን ይግበር ሓው ዑመር መሓመድ፡ ኣባል ፈጻሚ ሽምግለን፥ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ናይ ተሓኤ ኰይኑ ንነዊሕ ዓመታት ስለዝተጋደለ፡ ይጠፍኦ ኢዩ ዝብል ግምት እኳ እንተዘይብልና፤ ምናልባት ድሕሪ 5ይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተኣታተወ ምስ ምኽያድ ጕባኤ እተኣሳሰረ ለውጥታት ዘይፈልጠ ከይከውን፡ ምሕባሩ ሕማቕ ኣይኰነን። ህጹጽ ሃገራዊ ጕባኤ ብመሰረት ውሳኔ 5ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ፡ ወይ ብጠለብ ናይ ሓደ ሲሶ ካብ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ (መሪሕነት)፥ ወይ ድማ ብጠለብ ናይ ሓደ ሲሶ ካብ ጠቕላላ ቍጽሪ ኣባላቱ ይግበር ኢዩ ዝብል። ብተወሳኺ፡ ጕባኤ ክግበር ዝውስን ኣካል ሰውራዊ ባይቶ ጥራሕ ደኣ ምበር፡ ካልእ ክውስን ዝኽ እል ኣካል የለን። እዚ ዳሕረዋይ እኳ ውድብና ካብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጕባኤ ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣገባብ ስለዝኾነ፡ ወቐሳ ናይ ሓው ዑመር መሓመድ፡ ኣብ ዘይቦታኡ ምዃኑ ንምእማት ክሕግዘና ደኣምበር፡ ሓድሽ ስለዝኸ ◦ነ ኣይኰነን ንጠቕሶ ዘሎና።

ስለዚ፡ ሓውና ዑመር፡ ሓደ ሲሶ ካብ መሪሕነት ወይ ካብ ኣባላት ውድብ ሃገራዊ ጕባኤ ክግበር ጠሊቡ ክነሱ፡ መሪሕነት ወይ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ዕ ሽሽ ኢሎሞ፡ ዕንቅፋት ኰይኖሞ እንተደኣኰይኑ ዝብል ዘሎ፤ እቲ ዘለዎ ሓበሬታ ካበይ ረኺብዎ እንተዝጠቕሰልና ክንደይ ኮን ምጸበቐን ንምርድዳእ ምሓገዘን ንብል። ንሕና ከም መሪሕነት ግን፡ ሃገራዊ ጕባኤ ይገበር ዝብል ናይ ሓደ ሲሶ ዝኣክል ድምጺ፡ ካብ ኣባላት መሪሕነት ይኹን፡ ዋላ ካብ ኣባላት ውድብ ዝቐረበልና ጠለብ ከምዘየለ ኢና ንፈልጥ። ልክዕዩ፡ ገለገለ ንነብሶም ኣብ ውድባዊ ቅርጻ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘየለ ናይ "ኣውሮጳ ሽማግለ" ዝብል ስም ዘጠመቑ ውሑዳት ሰባት፡ ከምቲ ሕግናን ስርዓትናን ዝሓቶ ብውልቀ ዘይኰነስ፡ ኣብኡ እንከሎ ብድፍኑ መሰረታት ይጠልብ ኣሎ ዝብል ለበዋን፤ ከምኡ ውን፡ ሓደ ሲሶ ዘይበጽሑ ኣባላት መሪሕነት ዘቕረብዎ ጠለብን ምንባሩ ዘይከሓድ ኢዩ። ነዝን ከምኡ ውን፡ ነቲ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ይገበር ዝብል ዝቐርብ ዝነበረ ለበዋታትን ኣመልኪቱ ድማ፡ ተጋዳላይ ኢብራሂም መሓመድ ዓ ሊ፡ ህጹጽ ጕባኤን ህጹጽ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶን ብኸ መይ ይጽዋዕን ብኸመይ ይካየድን ዘብርህ ኣብ ውሽጣዊ ስርዓት ውድብ ዝሰፈሩ ናይ ኣሰራርሓን መሰላትን መትከላት ዘነጽር፡ ዘዋሪ መልእኽቲ ናብ ኣባላት ውድብ ልኢኹ ምንባሩ ውን ዝዝከር ኢዩ። ኣብዚ ዘዋሪ መልእኽቲዚ፡ ህጹጽ ጕባኤ ይኹን ህጹጽ ኣኼባ ሰውራዊ ንምግባር ዘኽእል ሕጋዊ ቍጽሪ ጌና ከምዘይተማልአ ውን ብንጹር ሓቢሩ ነይሩ። ሓውና ዑመር መሓመድ፡ ካብ 4ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ንነ-ው ኣባል ውድብ ኰይኑ ስለዘይጸንሐን፤ ከም ተደናጋጺ ውን ይኹን ዘበርከቶ ዝኾነ ይኹ ·ን ግደ ስለዘይነበሮን፤ ኣብቲ ውድብ ዝካየድ ነገራት ብሓፈሻ፡ ስርሓት መሪሕነት ከኣ ብፍላይ፡ ብዕምቆትን ብሓቀኛ መልክዑን ክረኽቦን ክሰምዖን ኣብ ዘይክእለሉ ሃለዋት ምንባሩ ርዱእ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ዝረኽቦ ሓበሬታ ዘይምሉእን፡ በቲ ናይ ሓባሪ ሸነኽ ድሌታትን ስምዒታትን ዝጽሎ ምንባሩን ካብ ዘቕረቦ ወቐሳታት ክበርሃልና ክኢሉ ኣሎ።

ቀጺልና፡ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጕባኤን፥ ስዒቡ ንዝመጸ ክልተ ዓመታትን ኣብ ተሓኤ ዘጋጠመ ቅልውላው ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። እቲ ብሕሩይ ተድላ ዝምራሕ፡ ገለ ካብ ኣባላት መሪሕነትን ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ካድራትን መሰረታትን ዝርከብዎ ምንቅስቓስ፡ "...ካልኣይ ሃገራዊ ጕባኤ ዲሞክራስያዊ ኣይነበረን፤ ሸፈጥ ዝነበሮ ጕባኤዩ፤ መሰረታት ኣይተቐበሉን፤ ህጹጽ ጕባኤ ክጽዋዕ ኣለዎ ...ወዘተ ዝብል ተቓውሞታትን ምንቅስቓሳትን የካይዱ ከምዝነበሩ ዝዝከር ኢዩ። ሓውና ዑመር መሓመድ፡ ሽዑ መርገጹ እንታይ ነይሩ? መሰረታት ስለዝጠለበ፡ ጕባኤ ይገበር ዝብል መርገጽዶ ነይርዎ ይኸውን!!!? ከምዚ ዝብል መርገጽ ብፍጹም ከምዘይነበሮ ኣዕሪና ንፈልጥ ኢና። ምናልባት፡ ሕጂ፡ እቲ ናይ ሽዑ መርገጻይ ጌጋ ኢዩ ነይሩ ዝብል ሓድሽ ገምጋም እንተልይዎ ግን ኣይንፈልጥን። ከምኡ በሃላይ እንተደኣኰይኑ ድማ፡ ክሕብረና ኣብ ትጽቢት ንርከብ።

ብ1982 ዓ.ም ኣብ ውድብና ምፍንጫል ምስ ኣጋጠመ ውን፡ ሓው ዑመር መሓመድ፡ ምስቲ ንሃገራዊ ጕባኤ ዝጽውዕ ዝነበረ ዝበዝሐ ቍጽሪ መሪሕነትን ሰራዊትን ህዝባውያን ማሕበራትን ዝነበሮ ሸነኽ ደው ከምዘይበለ ታሪኽ ዝምስክሮ ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ። ልቢ ኣዕቢና ደኣ "ምእንቲ መጕሳ ትሕለፍ ኣንጭዋ" ኢልና ሕድገት ክንገብር መሪጽና እምበር፡ ሓውና ናብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ መዓስን፡ ብኸመይን፡ ንምንታይን ተመሊሱ ኣዳቒቕና ንፈልጥ ኢና። ከምኡ

ውን፣ ብነሓሰ 1995 ኣብ ከተማ ካስል 4ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ እናተኻየደ እንከሎ፣ ከም ኣባል መሪሕነትን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ነበር፣ ኣብቲ ጉባኤ ተረኺ ،ቡ ነቲ ዝመረጸ መሰረታት ጸብጻብ ከቕርብን፥ ክሕተትን፥ ሓላፍነቱ ኣብቲ ጉባኤ ከውርድን ዝግብኦ ክነሱ፤ ኣብ ሆላንድ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ክብል ኢዩ መሪጹ። ካብቲ እዋንቲ ኣትሒዙ ድማ፣ ዳርጋ ን7 ዓመታት ማለት ኢዩ፣ ዝኸ ኮነ ደኹን ኣበርክቶ ወይ ርክብ ምስ ውድብ ኣይጸንሖን። ሎሚ፣ እንታይ ሓድሽ ነገር ተረኺቡ ኢዩ፣ ተሓላቚ ናይ መሰረታትን ተሓላቚ ናይ ጉባኤታትን ክኸውን ዝደረኾ!!!!

ሳልሳይ፡- 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ብሰነ 2003 ተኻይዱ። ኣብዚ ኣኼባዚ ኵሎም እቶም ንውድብና ናብ ቅልውላው ዘእተዉ ዝብሃሉ ጉዳያት ብዝርዝር ተዘሪብሎም። ተራእዩ ብዘይፈልጥ ግልጽነት ድማ፣ ነቐፌታን ነብሰ ነቐፌታን፤ ሓላፍነት ዝመልኦ ናይ እንካን ሃባን ምርድዳኣትን፤ ሕድገታት ብምግባርን ክሳዕ ፈጻሚ ሽማግለ ምምራጽ ተበጺሑ። ኣኼባ ብዓወትን ብሓድነት ከምዝወጸ ዝሕብር ኣዋጅ ውን ወጺኡ። ብድሕሪኡ ከኣ፣ ፈጻሚ ሽማግለ፣ ብተመሳሳሊ ኣገባብን መንፈስን ስርሓቱ ዛዚሙ ኣዋጅ ውን ኣውጺኡ።

ኣብዚ ንሃገራዊ ጉባኤ ክጽዋዕ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶዚ፣ ዋላ እንኮ ውን ቸኹን ህጹጽ ሃገራዊ ክግበር ዝጸውዕት ድምጺ ኣይነበረትን። ዋላ ውን፣ ከምቲ ናይ ሓው ዑመር መሓመድ፣ ንብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ብፍሽለት ዝኸሰሰ ኣካል ኣይነበረን። ክስታት ሓውና ዑመር መሓመድ እምበኣር፣ ንሓቀኛን ንቅኑዕን ናብ ገምገም (ናብ ጸድፊ) ክደፍእ ዝመጸ ተንኰለኛ ገምጋም ደኣምበር፣ ከምቲ ኣብ ጽሑፉ ዘስፈሮ፣ ትምህርቲ ክቕሰሞ ኢሉ ዘምጽኦ ኣይኰ ነን። ንታሪኽን ግደን ናይ ንጹሃትን ቅኑዓትን ተቓለስቲ ናብ ጸድፊ ክድርብን፥ ንስም ንጹሃት ጸለሎ ኘኽ ቐብእን ኢሉ ዘውጽኦ ቅርሕንቲ ዝገዝኦ ጽሑፍ ምዃኑ ድማ ብሩህ ኢዩ ነይሩ። ዋላ ከምቲ ዝበሎ ህጹጽ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይምግባር ጌጋ ነይሩ እንተተባህለ ውን፣ ብዘይምጽውዑ ዝኽሰስ እቲ ውሳኔ ዘይወሰደ ሰውራዊ ባይቶ ደኣምበር፤ ኢብራሂም ወይ ካልእ ኣካል ኣይምኾነን።

እቲ ጉዳይ ብቐዳምነትን ብቐጥታትን ዝምልከቶ ዶር ሃብተ እኳ፥ ኣሕመድ ናስርን ዶር. በየነን ንዝወሰድዎ ናይ ምፍንጫል ስጉምቲ፣ “ንሱ ጥራይ ኣይኰነን ነይሩ ምርጫ” ብምባል ክነቕፎ እንከሎ፤ ሓው ዑመር መሓመድ፣ “ብዘይካ ምፍንጫል ካልእ ምርጫ ኣይነበረን” ኢሉ ምምራቑ ግን፣ ወቐሳኡ፣ ካብ ሻርነት ዝብገስ ምዃኑ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ። ስለዚ፣ ንነብሱን ንታሪኹን ተመሊሱ ክምርምር ዘለዎ፣ ሓው ዑመር ደኣምበር፣ ተጋዳላይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ኣይኰነን።